ሓበሬታ ተሓካሚ

መጥባሕቲ ምኽፋት

ቅድሚኡን ድሓሪኡን

SÖDERSJUKHUSET

ክሸቦ ወይ ግዝረት ዓል ኣንስተይቲ እንታይ እዩ?

ኣብ እዋን ክሸቦ ዓል ኣንስተይቲ ብዘይ ሕክምናዊ ምኽንያት ገለ ደጋዊ ክፋላት ብልዕቲ ናይታ ዓል ተቆሪጹ ተኣልዩን ተቐይሩን ወይ ሓዲኡ ኾይኑ ኣሎ። እዚ ዳሕራይ ኣብ ህይወት ጸገማት ክፈጥር ይኽእል እዩ። እቶም ጸገማት፡ እቲ ክሸቦ ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝተፈጸመ ተመርኲሶም ይፈላለዩ እዮም። ኣብ ፎርኦናዊ ክሸቦ፡ (ምስፋይ ከንፈር ርሕሚ) ዝጽዋዕ ክሸቦ፡ ብድሕሪት ዘሎ ክፍተት ርሕሚ ምእንቲ ክጸብብ ከናፍር ርሕሚ ኣጣቢቕካ ይስፈ።

ከጋጥሙ ዝኽእሉ ልሙዳት ጸገማት፡-

- ሽንቲ ማይ ንኽትሸኒ ነዊሕ ግዜ ይወስደልኪ ወይ ዋሕዚ ናይቲ ሽንቲ ይመቓቐል
- ጸገም ኣብ እዋን ወርሓዊ ጽግያት
- ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ጸቢብ ኮይኑ ይስምዓክን የሕምመክን ወይ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም ጨሪሹ ኣይከኣልን
- መርመራ ማህጸን ምግባር፡ ንኣብነት ምውሳድ ቅምሶ ዋህዮ ኣጸጋሚ ይኸውን ወይ ጨሪሽካ ምውሳድ ኣይከኣልን
- ዝተላገበ ቆርበት ኣብ እዋን ሕርሲ ዕንቅፋት ይፈጥርን ኣብ ግዜ ሕርሲ መርመራታት ንምግባር ድማ ኣጸጋሚ ይገብሮን

መጥባሕቲ

ብሰንኪ ኣብ እዋን ክሸቦ ዝተገብረ ምልጋብ ቆርበት እቲ ናብ ርሕሚ ዘእቱ ክፍተት ኣዚዩ ጸቢብ እንተ ኾይኑ፡ ብመጥባሕቲ ብምኽፋት ክንሕግዘኪ ንኽእል ኢና። እዚ ምኽፋት ግዝረት (defibulering) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ሽዑ እቲ መጥባሕቲ ዝገብር (እቲ ሓኪም) ነቲ ዝተሰፍየ ቆርበት ከፊቱ ነቲ ጫፋት ኣብ ነፍስ ወከፍ ወገን ክሰፍዮ እዩ። እቲ ስፍየት፡ ነቲ ቁስሊ ቀልጢፉ ከም ዝሓዊ፡ ዝወሓደ ቅንዛ ከም ዝገብርን እቲ ጫፋት ቆርበት ተመሊሱ ተጣቢቑ ከም ዘይሓውን ክገብር እዩ። እቲ ስፋይ ንኣስታት ክልተ ሰሙን ጸኒሑ ድሕሪኡ ባዕሉ ክጠፍእ እዩ።

ኣብ እዋን መጥባሕቲ ምእንቲ ከየቐንዝወኪ፡ ልክዕ ቅድሚ መጥባሕቲ ኣብቲ ልጋብ ቆርበት ኣብኡ ጥራሕ ዘደንዝዝ መደንዘዚ ክንገብረልኪ ኢና። ዋላ ነፍሰ ጾር ኰንኪ ነቲ ህጻን ስለ ዘይትንክፎ እቲ መጥባሕቲ ክግበር ይከኣል እዩ።

ቅድሚ መጥባሕቲ

ቅድሚ እቲ መጥባሕቲ ከም ልሙድ ህይወትኪ ክትነብሪ ትኽእሊ ኢኺ። ቅድሚኡ ድማ እንተ በላዕኪ ጽቡቕ እዩ። ቅድሚ ግዜ መጥባሕቲ ናብቲ ክሊኒክ ኣቐዲምኪ ምጺ። ድሕሪ መጥባሕቲ ብቐጥታ ንገዛኺ ክትከዲ ክትክእሊ ኢኺ።

ቅድሚ ሓደ ሰዓትን ፈረቓን (1,5 ሰዓት) እቲ ዝተመደበ መጥባሕቲ፡ ነቲ ዝተላገበ ቆርበት በቲ ዝተዋህበኪ መደንዘዚ ክሬም ክትለኽይዮን መህድኢ ቃንዛ ከኒና ክትወስዲን ኣለኪ፦

- ናይ 500 ሚሊግራም 2 ሓባ ኣልቨዶን (ፓራሰታሞል)፡ ከምኡ'ውን ነፍሰ ጾር
እንተ ዘይኴንኪ 1 ሓባ ናይ 400 ሚሊግራም ኢቡፕሮፈን

- ነፍሰ ጾር እንተ ኼንኪ ናይ 500 ሚሊግራም 2 ሓባ ኣልቨዶን (ፓራሰታሞል) ጥራሕ

ኣብ ናይ መጥባሕቲ መዓልቲ ናብቲ ቅድሚ ሕጂ ሓኪም ዝረኸብክሉ ናይ ማህጸን ክሊኒክ (ደርቢ 0፡ ሂስ B) መጺእኪ ኣብቲ ካሳ ትምዝገቢ።

ድሕሪ መጥባሕቲ

- ታሕተዋይ ክፋል ኣካልኪ (ብልዕትኺ) ብማይ ተሓጸቢ፡ ብሳሙና ምሕጻብ ግን ኣወግዲ
- ኣብ መጀመርታ እዋን ክትሸኒ ከለኺ ብልዕትኺ ምሕጻብ ደስ ዘብል ክኸውን ይኽእል እዩ
- እንተ ወሓደ ን4 ሰሙን ወይ ክሳብ ዝሐወየ ኾይኑ ዝስምዓኪ ጾታዊ ርክብ ኣወግዲ
- ን3 ሰሙን ኣካላዊ ምንቅስቓስ (ከም ምጕያይ) ምግባር ኣወግዲ
- ድሕሪ መጥባሕቲ ኣብተን መጀመርታ መዓልታት ቃንዛ ክገብረልኪ ይኽእል እዩ። ብስሩዕ መህድኢ ቃንዛ ከኒናታት ክትወስዲ ጽቡቕ እዩ፦
2 ሓባ ናይ 500 ሚሊግራም 3 ግዜ ንመዓልቲ። ነፍሰ ጾር እንተ ዘይኴንኪ ወይ ኣለርጂ ምስ ዘይህልወኪ ብጀካ ኣልቨዶን ናይ 400 ሚሊግራም 1 ሓባ ኢቡፕሮፈን 3 ግዜ ንመዓልቲ እውን ክትወስዲ ትኽእሊ ኢኺ።
ነቲ ጸላዕላዕ ዘብል ቃንዛ ከህድእ ዝኽእል ምሳኺ ንገዛኺ ሒዝክዮ ትኸዲ መደንዘዚ ክሬም ክወሃበኪ እዩ። ነዚ ክሬም ብዙሕ ግዜ ኣብ መዓልቲ ክትጥቀምሉ ትኽእሊ ኢኺ።
- እቲ ኣብ ብልዕትኺ ዝገብረልኪ ቃንዛ መዓልታዊ እናሓሸ ክኸይድ ኣለዎ

ኣብ መወዳእታ

ካብ 38 ዲግሪ ንላዕሊ ረስኒ ምስ ዝገብረልኪ ወይ እቲ ቃንዛ እንተ ገዲዱ ምስ ክሊኒክ ማህጸን ኣብ ግዜ ቀትሪ ብቝጽሪ ተሌፎን 08-123 627 00 ርክብ ክትገብሪ ኣለኪ። ምሸት፡ ቀዳመ ሰንበትን በዓላትን ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ለይቲ ናብ ህጹጽ ረድኤት ክንክን ማህጸን (Gynakuten) ክትከዲ ትኽእሊ ኢኺ።

ቅድሚ እቲ መጥባሕቲ ሕቶታት ምስ ዝህልወኪ ምስ ክሊኒክ ማህጸን እውን ክትራኸቢ ትኽእሊ ኢኺ።

SÖDERSJUKHUSET

GYNMOTTAGNINGEN, 08-123 627 00
SJUKHUSBACKEN 10, 118 83 STOCKHOLM, TEL 08-123 610 00
SL Buss 3, 4, 168, PENDELTÅG STOCKHOLM SÖDRA
WWW.SODERSJUKHUSET.SE